16 ኦክቶበር 2016 (06 ጥቅምቲ 2009 ዓ. ም)

# <u>ኣብ ዓባይ ብሪጣንያን ካብ እንርከብ ተወለድቲ ትግራይ ብዛዕባ እዋናውን ህልው ኩነታትን ሃገርና ኣመልኪቱ ዝተውሃበ መግለፂ ቕዋም</u>

ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ እንርከብ ተወለድቲ ትግራይ ብዛዕባ እዋናውን ህልው ኩነታትን ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ብስፍሓትን ብዕሙቀትን ድሕሪ ምዝታይ ንህዝቢ ኢትዮጵያ፣ንመንግስቲ ፌደራልን ክልልን፣ንተቓወምቲ ኣካላት፣ ዘይሚዛናዊ ሓበሬታ ንዝፍንው መራኸቢ ማዕኸናት ከምኡ እውን ኣብ ወፃኢ ንዝቕመጡ ዘረግቲ ሰላምን ፈጠርቲ ህውከትን ኣማእኺሉ ዝተውሃበ  መግለፂ ቕዋም።

ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ህዝቢ ትግራይን ህዝቢታት ኢትዮጵያን ቀያሕትን ፀለምትን ደቁ ገቢሩ ብዘረጋገፆ ሰላም፣ ማዕርነትን ዲሞክራሲን ኣቢሉ ንዝሐለፈ ርብዒ ክፍለ ዘመን ብሄር ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ሀገርን ዝተጎናፀፍኦ ክብሪን ማዕርነትን፤ዝተመዝገቡ ዓበይቲ ዓወታት ልምዓትን ኣብ ሀገርና ይኹን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝሰፈነ ሰላምን ምርግጋፅን እናንኣድና ናብዚ ንዘብቅዑና ጀጋኑ ስውኣትና ዘልኣለማዊ ክብርን ሞገስን ንምነ።

ኾይኑ ግና ሰላምን ህድኣትን፤ልምዓትን ምዕባለን ሀገርና እንትሪኡ ዐይኖም ደም ዝመልእ ውሽጣውን ደጋውን ተፃባእቲ ሓይልታት “ዕብየት ኢትዮጵያ ኣብ ህልውናና ዝተተኸለ ማሕለኻ እዩ” ብዝብል ኣጉል ኣተሓሳስባ ተፀሊሎም፤ህዝቢ ብዘልዕሎም ሕቶታት ልምዓት፣ሰናይ ምሕደራ፣ ግዕዝይናን ፍትሕን እናተጎልበቡ ህውከት፣ ናዕብን ራዕድን ዝፈጥሩ ዕሱባት  ብምቑፃርን ብምውፋርን ብኢድ ኣዛውሮ ብዝፈሐስዎ ውዲት ቅድሚ ሐዚ ተራእዩ ብዘይፍለጥ ኩነት ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ሀገርና ጉራማይለ ዝመልክዖም ተኻንፎታትን ናዕቢታትን ይርአዩ ኣለው።በዚ ናዕብን ህውከትን ምኽንያት ድማ ክቡር ህይወት ሲቪላትን ኣባላት ፀጥታን ሓሊፍ፣ብብዙሕ መዋእለ-ነዋይን ድኻምን ዝተሃነፁ መሰረተ-ልምዓታት በሪሱ፤ሰብ ውልቀ ሃፍቲ ዕድመ ልክዖም ፅዒሮም ዘፍረይዎ ሃፍቲ ዓንዩ፣ ሰላማውያን ሰባት ብብሄሮም ጥራሕ ካብ መነባብርኦም ተመዛቢሎም ብሓፈሻ ድማ ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ሀገርና ቀሊል ዘይበሃል ስነ-ልቦናዊ ፅልዋ ተፈጢሩ።

ህዝቢ ትግራይ ይኹን መላእ ህዝቢ ኢትዩጵያ ሕቶታት ሰናይ ምሕደራ፣ ግዕዝይና፣ ፍትሕን ልምዓትን ከምዘለዎ ግልፂ እዩ።በዚ መሰረት እውን መንግስቲ እቶም ብህዝቢ ዝተልዓሉ ሕቶታት ትኽክል ምኻኖም ብምእማን ብብርኪ ፌደራልን ክልልን ውሽጣዊ ተሃድሶ ብምግባርን ምስ ህዝቢ ተማኺሩን ተረዳዲኡን ከምዝፈትሖም ቃል ምእታው ዝፍለጥ እዩ።

እቲ ሓቂ ከምዚ እናሃለወ ግና ቀደሙ እውን ሕቶ ህዝቢ ዘይእንታዮም ዝኾኑ ፓርቲታት ፖለቲካ፣ ኣክቲቪስት ኢና በሃልቲ ውልቀ ሰባትን ዝተፈላለየ እኩይ ዕላማ ዘለዎም ጉጅለታትን፤ ምስ ሰላምና፣ልምዓትናን ዕብየትናን ቁርቁስ ምስ ዝገጠማ ገለ ገለ ጎረባብትን ስትራቴጂካዊ ተፃብኦ ዘለወን ሀገራትን ሐድነት ብምፍጣር ሃገር ንምዕናውን ሰላም ህዝቢ ንምዝራግን ብዘይንሕስያ ዓቕሞም ፀንቂቖም ተንቀሳቒሶምን ሐዚ እውን ይንቀሳቐሱን ኣለው።ካብዚ ተበጊሱ ድማ ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ኣዋርሕ ኣብ ሃገርና  ንዝበፅሐ ሕልፈት ህይወት ፣ ዕንወትን ውድመትን ንብረት ካብ ፀላእትና ትካቦ ገንዘብን ንዋትን ዝምፅወቱ ፓርቲታት ፖለቲካ፣ ኣክቲቪስት ኢና በሃልቲ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ሙሉእ ብሙሉእ ተሓተቲ ክኾኑ ከምዘለዎም እናገለፅና፤ኣብዞም ዕሱባት ፀረ-ህዝብን ዘረግቲ ሰላምን ዝውሰድ ስጉምቲ እንድግፍ ምኻና ንሕና ኣብ እንግሊዝ እንቕመጥ ተጋሩ ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስትን ጠጠው ኢልና  ብዘይ ምሕረት ከም እንቃለሶም ዝተስማዕማዕናሉ መግለፂ ቕዋም ከምዝስዕብ ኣውፂና ኣለና።

1ይ/ ሓይልታት ፀረ-ሰላም ውሽጢ ዓድን ተፃባእቲ ፀላእቲ ደገን ብምትሕብባር ብዝፈጠርዎ ህውከትን ዕግርግርን ህይወቶም ንዝሰአኑ ሲቪላትን አባላት ፀጥታን ከምኡ እውን ብዝዓነወ መሰረተ-ልምዓትን ብዝወደመ ንብረት ሰብ ውልቀ ሀፍትን ልባዊ ሓዘን ዝተሰማዐና ምኻኑ ንገልፅ።

2ይ/ብመስዋእቲ አሽሓትን ብመጉዳእቲ አማኢት አሽሓትን ዝተረኸበ ማዕርነት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብስአኖ ሰናይ ምሕደራ እናተሸራረፈ ብሄር ብሄረሰባት ንዘመናት ብፍቕርን ብሓልዮትን ካብ ዝነብርሉ መረበቶም ብሰንኪ ዘርኦም ጥራሕ ተመዛቢሎም ከቢድ ኪሳራ ህይወትን ንብረትን እውን አጋጢምዎም።በዚ አጋጣሚ ግዳያት እዚ ህውከት ንዝኾን ወገናትና ከቢድ ሐዘን ዝተሰማዓና ምኻኑ እናገለፅና መንግስቲ ብደረጃ ክልልን ፌደራልን ጀሚርዎ ዘሎ ተሃድሶ ተጠናኺሩ ንክቕፅልን አብዚ ጉዳይ አብ ልዕሊ ዝተሳተፉ አካላት ድማ ዘየዳግም ስጉምቲ ንክወስድን ንሓትት።ብተወሳኺ ድማ ተወለድቲ ትግራይ ብምኻኖም ጥራሕ ካብ መረበቶም ዝተመዛበሉ ወገናትና ናብ ንቡር መነባብርኦም ተመሊሶም ምስቲ ሰብ መኽበርን ሐውን ዝኾነ ህዝቢ አምሓራ ዝነበሮ ናብራ ሰላም፣ፍቕርን ሓልዮትን ንክቕፅሉን ድጋፍ ንክግበረሎምን አጥቢቕና ንሓትት።

3ይ/ዝኸበርካ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘልዓልካዮም ሕቶታት ሰናይ ምሕደራ፣ ግዕዝይና፣ ፍትሕን ልምዓትን አግባብ ዘለዎምን ብሙሉእ ልቢ እንድግፎምን ብምኻኖም አብ ጎንኻ ጠጠው ኢልና እንቃለሰሎም መደባት ከም ዝኾኑ ቃል ንአትወልካ።ኾይኑ ግና ብጉልባብ ሕቶታትካ እናልሓኹን ብናይ ደገ ፀላእቲ እናተልአኹን ሰላምካ ዝዘርጉ ፣ብናትካ ንዋይ ዝተሃነፁ መሰረተ-ልምዓት ዘዕንው ዘርአውን ሃይማኖታውን ውዲት እናፈሐሱ ግጭት ሕድ ሕድ ህዝቢ ከተአታትው ላሕ ዝብሉ ፀረ-ህዝቢ ራዕዳውያን ስለዘለው ነዚአቶም ካብ ሕቶኻ ነፂልካ ብምፍላይ ወግዱ ክትብሎምን ነቒሕካ  ክትቃለሶም ከምዘለካን ንሕና እውን ከምቲ ናይ ወትሮ አብ ጎንኻ ከምዝኾናን ንገልፅ።

4ይ/አንቱም ገንዘብን ንዋትን ካብ ፀላእቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናተቐበልኩም ህዝቢ ምስ መንግስቲ፤ ህዝቢ ምስ ህዝቢ አፃሊእኹም ህውከት፣ዕግርግር፣ናዕቢን ራዕድን ክትጋብዙ ወግሐ ፀብሐ ብግልፅን ብሕቡእን እትንቀሳቐሱ ዘለኹም ተለአኣኽቲ ሻዕብያን መንግስቲ ግብፅን፤ድሕሪ ሐዚ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያን መንግስቲ ሀገርናን ብምኻን ብዘይንሕስያ ክንቃለሰኩም ምኻና ንገልፅ።

5ይ/-አብ ወፃኢ ሀገራት አብ ጥጡሕ ናብራ ተደላዲሎም ማሕበራዊ ሚድያ ብምጥቃም   ንዓመታት አብ ውሽጦም ደኺሎምዎ ዝሓገዩ ፀረ ህዝብን ሃገርን መሰረት አልቦ ፅልአትን ዘርኢ-ተኮር ጎስጓስን እናኾምስዑ ፖለቲካዊ ትርፊ ክኸስቡን ጁቡኦም ከህጥሩን ቀትርን ለይትን ላዕልን ታሕትን ዝጓየዩ ሕልና አልቦ ውልቀ ሰባት፣ "አክቲቪስትታትን" ፖለቲካ ፓርቲታትን ምስ ደቀመዛሙርቶም  ብዘይንሕስያ ንቃለሶም ምኻና ንገልፅ።

6ይ/ሚዛናዊነት ዓንዲ ሑቐ ስነ-ምግባር ጋዜጠኝነት ምኻኑ ግልፂ ኾይኑ እናሀለወ ናብ ሐደ ጫፍ ዘዝመሙ ዘርአውን ሃይማኖታውን ተኳሳሕቲ መደባት ብምድላው ሀገርን ህዝብን ዘባድም ፈነወ ዘካይዱ ከም ኢሳት፣አሮምያ ሚድያ ኔትዎርክ (O.M.N.)፣ድምፂ አሜሪካ(V.O.A.)፣ሬድዮ ዶቸ ቬለ (ድምፂ ጀርመንን) ካልኦት መርበብ ሐበሬታታትን አብ ሃገርን ህዝብን ንዝበፅሐ ጥፍአት ተሓተቲ ምኻኖም ብምሕባር አብ ቀፃሊ ግን ብኹለ-መዳያዊ አገባብ ክንቃለሶም ምኻና አጥቢቕና ንገልፅ።

7ይ/አብ ሀገርን አብ ደገን ዘለው ከም አነግን ግንቦት ሰባትን ኢሳትን ዝአመሰሉ ሓይልታት ፀቢብነትን ትምክሕትን ዘካይድዎ ዘለው መዳርግቲ ግብረ ራዕዲ ተግባራት፤ ዝማዕበላ ሃገራት ብፍላይ ድማ አሜሪካ፣እንግሊዝ፣ሕብረት አውሮጳን ካልኦትን ብዝግባእ ንኽግንዘባን ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስዳን አጥቢቕና ንሐትት።

8ይ/ሃገርና ኢትዮጵያ ነቲ ጀሚራቶ ዘላ ቅኑዕ ጉዑዞ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ብዘላቒ አጠናኺራ ንኽትቕፅለሉ ህዝብን መንግስትን እንግሊዝ ድጋፎም አጠናኺሮም ንኽቕፅሉ ንሓትት።

9ይ/ ወፃኢ ዝነብር ትግራዋይ እቶም እኩያት ልዓም ስነ-ምግባር ብዘይዓግቶ ጋሕታን አንደበቶም ፈቐዶ ብዝብትንዎ በለካ ለኸዓካን ውፁእ ሓሶትን ከይተዓሸወን ከይተደናበረን ሓድነቱ ከጠናኽርን አብ መንነቱ ንዝፍኖ መጥቃዕቲን ጉድአትን ተወዲቡ ብትረትን ብንቕሓትን ንኽቃለስ ፃውዒትና ብምቕራብ አብ መፃኢ አብ ጉዳይ ሃገሩ ዘተን ልውውጥ ሃበሬታን ዘካይደሉ፤ባህሉን ቛንቋኡን ዘዕብየሉ፤ታሪኹ ሓብሒቡ ዝዕቀበሉን ንመፃኢ ወለዶ ዘመሓላልፈሉን ቐፃሊ መድረኽ ክህልዎ ንሕብር።

10ይ/ህዝብታት ሶማሌ፣ዓፋርን ድሬዳዋን ተጋሩ ብምኻኖም ጥራሕ ካብ መረበቶም ንዝተመዛበሉ ተወለድቲ ትግራይ ብምድጋፍ ዘርአኹምዎ ሕውነታውን ሓልዮታውን ተበግሶ ካብ ልቢ ክነመስግነኩም ንፈቱ። እዚ ድማ ሐድነት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሀገርና ነዊሕ ዘበን ዘቑፀረን ሱር ዝሰደደን ፤መርአያን አብነት ምክእአል፣ፍቕሪ ፣ሐድነትን ሕብረትን ምኳኑ ንፈታውን ፀላእን ዘረጋገፀ ከታም ኮይኑ ሃገርና ከም ድሌትን ህርፈትን ‘ሓለምቲ ቀትሪ’ ብጓዕ ደርጓዕ ሓደ መዓልቲ ዘይትፈርስ ምኳና ዘረጋግፅ ሓቂ እውን እዩ’ሞ ደጊምና ምስጋናና ይብፃሕኩም ንብል።

## ሓድነት ሓይሊ እዩ፤ልዕሊ ኩሉ ድማ ሓድነት ጉዳይ ህልውና እዩ!!!

አብ ዓባይ ብሪጣንያን እንርከብ ተወለድቲ ትግራይ

16 ኦክቶበር 2016 (06 ጥቅምቲ 2009 ዓ. ም)

ለንደን (ዩናይትድ ኪንግደም)